

ውላደይ ኣብ ቅድመ - ትምህርቲ እንታይ እዩ/ያ ክ (ት) ገብር?

ሰዓት ክንደይ ኢና ንደቅና ክነብጽሖምን እንመልሶምን?

ኣቲ ንውላደይ ብልክዕ ክኾኖ/ና ዝኽእል ትካል ቅድመ - ትምህርቲ ኣየናይ እዩ?

## ክህልዉኹም ንዝኽእሉ ሕቶታት ብሓጎስ ክንምልሶም ኢና!

- ናብ www.vraagjufmina.nl እተዉ። እቶም ብቐጻሊ ዝሕተቱ ሕቶታት፡ ኣብ ቀንዲ ገጽ እዮም ዝርከቡ።
- ናብ vraagjufmina@denhaag.nl ናይ ኢ - መይል መልእኽቲ ክሰዱ እውን ትኽእሉ ኢኹም።
- ናብ`ቲ ኣብ ጥቓኹም ዝርከብ ትካል ቅድመ - ትምህርቲ ኸ ብኣካል ዘይትኸዱ? ናብ`ዚ ዝስዕብ ገጽ እተዉ፦ vraagjufmina.nl/locaties።

## ናይ ቅድመ - ትምህርቲ ኣማኻሪ/ት

ኣብ መብዛሕትኡን ከባብያውያን ምምሕዳራት ከተማ፡ ክትውከስዎ እትኽእሉ ሰብ ኣሎ፦ ናይ ቅድመ - ትምህርቲ ኣማኻሪ/ት። ሕቶታት ምስ ዝህልዉኹም፡ ክትውከስዎ/ዋ ትኽእሉ ኢኹም። ነቲ ኣብ ጥቓኹም ዝርከብ ትካል ቅድመ - ትምህርቲ ብኣካል ንኽትርእይዎ ቈጸራ ክትሕዙ እውን ትኽእሉ ኢኹም።

- ዝርዝር ኣስማት ናይ`ቶም ክትድውሉሎም እትኽእሉ ሰባት ንምርካብ፡ ናብ vraagjufmina.nl/peuterconsulenten እተዉ።

VraagjufMina.nl




# ስለምንታይ?

ምኽንያቱ፡ ብሓባር ክትጻወቱሉን ክትመሃሩሉን እትኽእሉ ቦታ እዩ



# ቅድመ - ትምህርቲ

ኣብ ዘ - ሄግ (The Hague) ንዝርከቡ፡ ዕድሚኦም ካብ 2.5–4 ዓመት ዝኾኑ ህጻናት

@VraagjufMina

Den Haag

እዚ ዕማም እዚ ብምትሕብባር ምምሕዳር ከተማ ሄጊዩን ውድባት ክንክን ህጻናትን ክዉን ዝኾነ ተበግሶ እዩ።



# ስለምንታይ

## ኣብ ትካል ቅድመ-ትምህርቲ ምውዓል፡ ንደቅና ጽቡቕ ድዩ?

- ✓ ኣብ ናይ መባእታ ትምህርቲ ብጽቡቕ ንኽብገሱ የኽእሎም
- ✓ ምስ መዛኑኦም ክጻወቱን ክዘናግዑን ይኽእሉ
- ✓ ቋንቋ ዳች ይላመዱ
- ✓ ኢድ-ስራሓት ይላመዱ፣ ምስ ብጾቶም ምክፋል ይመሃሩ፣ መዛሙር ይዝምሩ፣ ብሓባር ይምገቡን
- ✓ ካልእን!

# ኣትምዝገቡሉ ኣገባብ

ንደቅኹም ባዕልኻትኩም ክተመዝግብዎም ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ቅድመ-ትምህርቲ ኣማኽርትን እተን ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ባዕለንን፡ ኣብ`ዚ መደይ እዚ ክተሓጋገዙኹም እዮም።

## ጸወታን ትምህርትን

ቅድመ-ትምህርቲ፡ ብፍላይ አቶም ካብ 2.5 ክሳብ 4 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ዝውዕሉሉ ቦታ እዩ። ሓድሽ ነገር ክመሃሩሉ ዝኽእሉ፣ ከምኡ`ውን ኣብ ደገ ዝተፈላለዩ ነገራት ዝሰርሑሉን ዝጻወቱሉን ቦታ እዩ። እዞም ህጻናት እዚኣቶም፡ ቋንቋ ዳች ንኽመልኩን ብሓባር ንኽጻወቱን ዝያዳ ኣድህቦ ይግበረሎም። እዚ ድማ ናብ መባእታዊ ትምህርቲ ምስ ሰገሩ፡ ነገራት ንዕኦም ኣቐለሉ ክምዝኾኑ ክገብር ይክእል።

## ነንበይኑ ዓይነት ኣስማት

ቅድመ-ትምህርቲ፡ ብዝተፈላለዩ መጸውዒ ኣስማት እዩ ዝፍለጥ፤ ንኣብነት፦ መካነ-ጉጅለኣዊ-ጸወታ/peuterleerplek፡ መውዓሊ ህጻናት/peuteropvang፣ ማእከል ተማሃሮ ቅድመ-ትምህርቲ/kinderopvang met voorschoolse educatie ወይ peuterschool። ኩላቶም እዞም አስማት ሓደ ዓይነት ትርጉም እዩ ዘለዎም።

## ገንዘባዊ ወጻኢታት ከመይ ይመስሉ?

ካብ ዕለት 01 ጥሪ 2024 ኣትሒዙ፡ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ፡ ንብዙሓት ኣብ ዕድመ ቅድመ-ትምህርቲ ዝርከቡ ህጻናት ናይ ሃጊዩ/Den Haag ካብ ገንዘባዊ ክፍሊት ናጻ ክኸውን እዩ። ሰሙናዊ፡ ን 16 ሰዓታት ኣብ ሰሙን፡ ብዘይ ክፍሊት ክመሃሩ ክኽእሉ እዮም።

## ንመን እዩ ዝምልከት?

ንስኻትኩምን ህጻናት ደቅኹምን፡ ናብ ማእከል መንእሰያትን ስድራ-ቤታትን (Centrum Jeugd & Gezin, CJG) ንኽትመጹ፡ ብዙሕ ሳዕ ክትዕደሙ ኢኹም። ደቅኹም ናብ ትካል ቅድመ-ትምህርቲ ንኽመላለሱ ድሉዋት ምዃኖምን ዘይምዃኖምን፡ ኣብ`ቲ ቦታ እቲ ዝሰርሕ ሓኪም ህጻናት ወይ ነርስ ናይ ሕክምና ህጻናት ክ (ት) ውስን እዩ/ያ። ድሕር`ዚ ንደቅኹም ኣብ ዝደለኹሞ ትካል ቅድመ-ትምህርቲ ክተመዝግብዎም ትኽእሉ ኢኹም።

## ብኽብረትኩም ብዘይ ቈጸራ ምጹ!

ኣብ ጥቓኹም፡ ትካል ቅድመ-ትምህርቲ ናይ ግድን ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፤ ንኣብነት፡ መውዕሊ ህጻናት፡ ኣብ ናይ መባእታ ኣብያተ-ትምህርትን ማእከላት ክንክን ህጻናትን። ናብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ vraagjufmina.nl ብምእታው፡ ንኹላቶም እዞም ቦታታት ዝሓዘ ካርታ ክትረኽቡ ትኽእሉ። ብኣካል መጺእኩም ክትዕዘቡ ትደልዩ ዶ? ምዉቕ ኣቀባብላ ክግበረልኩም እዩ!



ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ vraagjufmina.nl መልስታት ናይ ሓያለይ ብቐጻሊ ዝሕተቱ ሕቶታት ይርከብዎ። ነዚ ናይ ኪው.ኣር. ኮድ `ስካን ብምግባር፡ እተንብቡሉ ቋንቋ ምረጹ።